


ካብ ዕለት 23 ናብ 24.05..09 ዘውግሕ ለይቲ፡ ኣስታት ሓደ ሽሕ ፡ ብብዝሓት መንእሰያት ዝተኻፈልዎ በቶም ውሩያት-ወናማት ጉጅለ ባህሊ ዋልታ ተሰነየ ኣብ ትሕቲ „ነጻ መስመርና ዋሕስ ልምዓት“ ዝብል ጭርሖ ኣብ ከተማ ከለን ብውዕውዕን ምዉቕን መንፈስ ጽምብል መበል 18 ዓመት ነጻነት ኤርትራ ተባዒሉ።

ኤርትራውያን ኣዕሩኽቶምን ካብ ከተማታት ቡፐርታል፡ ሙንሸን-ግላድባኽ፡ ቦን፡ ኤሰን፡ ድዙልዶርፍ፡ ኦበር-ሃውሰን፡ ክሬፌልድ፡ ዚግን፡ ከለንን ከባቢኤንን፡ ከምኡውን ካብ ሆላንድን ቤልጂምን ነዛ ክብርቲ መዓልቲ ነጻነት ንምኽባር ብምውሓዝ ዓቢ ግርማን ድምቀትን ሂቦሞ ሓዲሮም።

መደብ ጽምብል መበል 18 ዓመት ነጻነት ኤርትራ ኣብ ከለን፡ ሃገራውያን ማ/ኮማት ኤርትራ ድዙልዶርፍ፡ ሙንሸን-ግላድባኽ፡ ቡፐርታል ዝተኻፈልኦ ብማሕበረ ኮም ከለንን ከባቢኤን ዝተዳለወ፡ ብሕጻናት ዝተመርሐ መዝሙር ኤርትራ ተሰንዩ ብዝኽረ ሰማእታት ምስ ተኸፍተ፡ ንተሳተፍቲ ብዓል ናይ ዮሃና መልእኽቲ ናይ ቤት ጽሕፈት ኢምባሲ ሃገር ኤርትራ ኣብ ጀርመን፡ ብኣቶ ዮውሃንስ ደባስ ኣባል ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ፍራንክፎርት ቀረበ። ኣዳላዊት ሽማግለ ንተሳተፍቲ በዓል ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምቕራብ፡ ነቲ ኣብነታዊ ዝኾነ ሓድነታዊ ምቅርራብ ናይተን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ ከታማታት ኣሰፊሑ ድሕሪ ምግላጽ እቲ ሰሩዕ መደብ በዓል ተጀምረ። ብድሕሪዚ ኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ቡፐርታልን ከባቢኣን ብዘሕጉስ ባህላዊ ኣገባብ፡ ባንዴርኤን እናምበልበላ ነቲ በዓል ዘዳለውኦ ብርኩት ትሕዝቶ ሒዘን እልል እናበላ ናብቲ ኣደራሽ ብምእታው ነቲ ድምቀት፡ ድምቀት ወሰኻሉ።

ፍቱዋት ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ዋልታ ብባህላዊን ዘመናዊን ሙዚቃ፡ ልቢ ዝምስጥ ዘተሓላለፍዎ ሃገራዊ መልእኽቲ፡ ነቲ ጽምብል ዓቢ ድምቀትን ምዓርግን ብምሃብ ፡ መደብ ሃገራዊ በዓል ነጻነት ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዘመ ። በዚ ኣጋጣሚዚ፡ እቲ ተኻፈልቲ በዓል ዘርኣይዎ ሰኒትን ፍቕርን ዝምልኦ ምትሕቝቓፍን ምክብባርን ኣብነታዊ ምስክርነት ጽቡቅ ባህልና ብምምስካር መደብ ሃገራዊ በዓል ነጻነት ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዘመ።

ዘልኣላአማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ

ኣዳላዊት ሽማግለ በዓል ነጻነት ኤርትራ
(ከለን ዕለት 25. ግንቦት 2009)